## ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር መደበር ሰደተኛታት ኤርትራውያን ሽገራብ ጉባኤኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ።

ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ
ቤት- ጽሕፈት ዜናን ባህልን
05/06/2007

ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶ ጨንፈር መደበር ሰደተኛታት ኤርትራውያን ሽገራብ ኣብ ሱዳን ጉባኤኡ ብዓወት ኣሰላሲሉ።
ጨንፈር መደበር ስደተናታት ሽገራብ ብዕለት 29/5/07 ናይቲ ጉብኤ ጉዳያት ብዝምልከት ብኣኸባ መልክዕ ተመያዪጡ። ብዕለት 30/5/07/ ድማ ጉባኤኡ ኣካዪዱ።

ኣብቲ ጉባኤ ኣባል ሰውራዊ ባይቶን ሓላፊ ቤት ጽሕፈት ኣውራጃ ከሰላን ተጋ. እድሪስ እስማዒልን ኣባል ምምሕዳር ቤ/ጽ/ ከሰላ ተጋ. ወልደሱስ መብራህቱን ተሳቲፎም።ተጋ. እድሪስ ኣብቲ ጉባኤ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ዞናናን ሃገርናን ውድብናን ብዝምልከት ሰፊሕ ዝርዝር ዝሕዘለ መግለጺ ኣቅሪቡ። ንሱ ንጉባኤናታት ጉባኤኩም ህዝብና ብዲክታቶርያዊ ስርዓት ብኹሉ መዳያት ተሓኒቁ ሕሱም ሃለዋት ኣብ ዘሕልፈሉ ዘሎ ሁመት ይካየድ ግብምህላዉ ዝያዳ ሓላፍነት ይስከም ድሕሪ ምባል ጉባኤ ብዓወት ንክሰላሰል ንዘለዎ ሰናይ ትምኒት ገሊጹ።

ጉባኤ ጨ/ሽገራብ ውድብና ተ.ሓ.ኤ.ሰ.ባ ንነብሱ ናብ ፖሎቲካዊ ሰልፊ ንምቅያር ዝሰርሓሉ ዘሎ መደብ ህልው ፖሎቲካዊ መድረኽ ሃገርና ክጠልቦ ዝርከብ መደብ ምዃኑ ድሕሪ ምምዛን ንምዕዋቱ ክሰርሕ ከምዝጸነሔን ንዝያዳ ኣድማዕነት ብተወፋይነት ክሰርሓሉ ምካኑን ቃል ኣቲዩ። ኣስዒቡ ጨ/ሽገራብ ነቲ ኣብ ኤ.ድ.ኪ. ዘጋነፈ ምፍልላይ ክርከብ ዘይነበሮ ኣሕዛኒ ተርእዮ ምዃኑን 1ይ ብሎ ክዳን ነቲ ጸገም ንምእላይ ዝኣክል ሕድገታት ከም ዝገበረን ንዕ ላማታታት 1ይ ብሎክ ኪዳን ንምዕዋት ኣበርቲዑ ክሰርሕ ምዃኑን ውን ኣረጋጊጹ።

ብድሕሪ እዚ ናይ ዝሓለፈ መድረክ መሪሕነት ጨንፈር ናብቲ ጉባኤ ናይ ስራሓ ጸብጻባ ኣቅሪባ። ጉብኤ ኣብቲ ዝቀረበ ጸብጻብ ድሕሪ ምክታዕ ንኣወንታታት ናይቲ ጸብጻብ ዝያዳ ንምምዕባልን ዝነበረ ጉድለታታት ተወጊዱ ብኣድማዕነት ንምስራሕን ኣማሕጺኑ። ኣስዒቡ ጉባኤ ንዝስዕብ ናይ ክልተ ዓ መት መድረኽ ዝኸውን መደባት ሓንጺጹ።

ኣብ መደምደምታ ንዝመጽእ መድረክ እትመርኽ ሓዳስ ናይ ጨንፈር መሪሕነት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ መሪጹ።